Australian Government

# ዓሌታዊነት ተቐባልነት የብሉን

ብዓሌት ፈሊኻ ኣድልዎ ፈጠራ፣ መጥቃዕቲ ወይኻዓ ጽሊኢ እንተበጺሑኻ ወይኻዓ እንተሪእኻ ኣይትሕባእ፡ ኣውጺእኻ ተዛረቦ።

## ብዓሌታዊ ጽሊኢ ባህሪ መጥቃዕቲ ዝበጽሆ እንተኾንካ

- ምስ ጐንጺ ምፍጣር ጸርፊ ወይኻዓ ምፍርራሕ እንተበጺሁኻ ንፖሊስ ኣዘራርብ።
  - ብእዋን ህጹጽ ግዘ ወይኻዓ ንሕይወት ዘፍርሕ ኵነታ እንተኾይኑ ብሰለስተ ዜሮ (000) ጌርካ ንፖሊስ ምድዋል።
  - ናይ ፖሊስ ሓገዝ እንተደሊኻ፣ ይኹን እምበር እዋናዊ ዝኾነ ሓደጋ እንተዘይሃልዩ፣ ንናይ ፖሊስ ሓገዝ መስመር ብስልኪ (131 444) ምድዋል።
- ጐንጺ ሁከትን እንተዘይተሓዊስዎ እሞ ብባዕልኻ ንምኽያድ ድሕንነቱ ዝተሓለዎ እንተኾይኑ ብቐጥታ ምስቲ ሰብ ወይኻዓ ተሳትፎ ምስገበረ ሰብ ብዛዕባ እቲ ኵነታ ንክትደራደር ትደሊ ይኸውን።
- ብቐጥታ ተዘራሪብካ ነቲ ኵነታ መፍትሂ ምርካብ እንተዘይተኻኢሉ ወይኻዓ ነዙይ ንምግባር ምቹውነት እንተዘይተሰሚኡኻ ነቲ ዘለካ ቅሬታ ጥርዓን ናብ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ምእታው ትኽእል።.
  - ንናትኻ ቅሬታ ጥርዓን ናብ AHRC ንምእታው፣ ድረገጺ፣ www.humanrights.gov.au/complaints ወይኻዓ ንኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ናይ ሃገራዊ መረዳእታ ኣገልግሎታት ብስልኪ 1300 656 419 ወይኻዓ ባህሪ ከምዘለዎ 02 9284 9888 ምድዋል።

## ናይ ተመልከቲ ሥልጣን

ኣንጻራዊ ንዝኾነ ዓሌታዊ ዘረባ ንዝምስክሩ ሰባት፣ እቲ ሰብ ሓገዝ ደላይ ከምዝኾነ ብምፍላይ እሞ ነዚ ሰብ ዓሌውታዊ ጽሊኢት ባህሪ ከምዘለዎ ከብል ይኽአል። ናብ ጸገም ውሽጢ ብባዕልኻ ዘይምእታው። ይኹን እምበር ነዙይ ንምኽያድ ድሕነት ዘለዎ እንተኾይኑ ምዝራብን ምስቲ ተበዳላይ ኾይንካ ጠጠው ምባል። ብዘረባ ከይኾነስ ብምልክት ቐሊል መልእኽቲ ክተር እይ እንከለኻ'ውን ዓቢ ተጽእኖ ከሕድረሉ ይኽእል።

ናይ ዓሌታዊነት ጽሊኢት ባህሪ እንተሪእኻ ክትገብሮ ትኽእል:

- ድምጺ ኣው ኣቢልካ ምዝራብ — ከም ዓሌታዊ ጽሊኢት ዝለዝቁፀር፣ እሞ እቲ ገበን ፈጻሚ ንክፈልጦ ምግባር
- ንተበዳላይ ምድጋፍ — ምስ ጸገም ዘሎ ሰብ ኣብጥቓ ጠጠው ምባልን ብዛዕባ ድሕንነቶም ምሕታት
- ማስረጃ ምውሳድ — ብናትኻ ስልኪ ነቲ ዝተፈጠረ ኵነታት ሪኮርድ ምግባር፣ ነቲ ወንጀለኛ ፎቶ ምልኣልን ንሰበሥልጣናት ሪፖርቲ ምግባር

ናይ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ነቶም ተመልከቲ ዝኸውን ምኽሪታት ስለዘለዎ ኣብጺ https://itstopswithme.humanrights.gov.au/respond-racism ኣቲኻ ምርኣይ።

## ብዓሊታዊነት ኣድልወ ፈጠራን ናትኻ መሰላትን

ንናይ ሓደ ሰብ ዘርኢ፣ ቀለም፣ ዝመጸሉ ሃገር ወይኻዓ ንሓደ ውልቀሰብ ወይኻአ ጕጅለ ንዝመጸሉ ዓሌት መበገሲ ጌሩ ኣብ ህዝብ ዝእከበሉ ዝተኣኸበሉ ዝኾነ ነገር ምግባር ማለት ከም **ምብስጫው፣ ምፅራፍ፣ ምውራድ ወይኻዓ ምፍርራሕ** ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዘይሕጋዊነት እዩ። ናይዚ ዓይነት ባህሪ ከም ጽሊኢት ዓሌታዊነት ይምደብ።

ንኣብነት፡ ብጽሊኢት ዓሌታዊነት ክኻተት ዚኽእል:

- ብኢንተርኔት ጌርካ ብጽሊኢት ዓሌታዊነት ዘበሳጭው ነገራት፣ በዙይ ኢንተርኔት ዚኻተት እፎሩምስ/eforums፣ ብሎግስ/blogs ማሕበራዊ መራኸቢ መስመርን ብቪዲዮ መተሓላለፊ መስመራት
- ብጋዜጣ፣ መጽሄት፣ ወይኻዓ ብኻልእ ጽሁፋዊ ሕትመት ከም ሓጺር ጹሁፍ ወይኻዓ ዝብተን ወረቀት ጌርኻ ንዓሌታዊነት ዘናድድ ርዕይቶ ወይኻዓ ዚርኣይ ነገራት ኣውጺእኻ ብምታን
- ሕዝቢ ኣብዝተኣኸበሉ ብዓሌታዊነት ዘናድድ ዘረባ ምግባር

- ኣብ ሕዝባዊ ስፍራ ከም ሹቕ፣ መዕደጊ ቦታ፣ ሥራሕ ቦታ፣ መናፈሲ ቦታ፣ ኣብ ሕዝቢ ማጓዓዚያ ወይኻዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዓሌታዊነት ዝጸርፍ ርዕይቶ ምሃብ
- ኣብ ስፖርቲ ድርጊት ፍጻመታት ንዓሌታዊነት ዝጻረፍ ርዕይቶ በቶም ተጻወቲ፣ ተመልከቲ፣ ኣሰርልጠንቲ ወይኻዓ ሓላለፍቲ ይኸውን።

ናይዚ ሕጊ ዕላማ ብዘረባ ናጻ ኾይንካ ናይ ምዝራብ መሰል ኵነታ ሚዛናዊ (‘ናይ ኣዘራርባ መሰል’) ግምት ውሽጢ ንምእታው እሞ ካብ ጽሊኢት ዓሌታዊነት ናጻ ኾይንካ ንምንባር መሰል ንክህልወካ ምግባር እዩ። ሓደሓደ ፍጻመታት ዘይሕጋዊ ክኾኑ ዝኽእሉ “ኾነ ተባሂሉ እንዳፈለጥኻ” ክትገብሮ እንከሎ እዩ።

ናይ ዓሌታዊነት ኣድልወ ዝፍጠር ተመሳሳሊ ብዘለዎም ሰባት ዘርኢ፣ ቀለም፣ ናይ ትውሊድ ሓረግ፣ ንዝመጸሉ ሃገር ወይኻዓ ዓሌት ወይኻዓ ናይ ዝመጸሉ ኢሚግራንት ኵነታ ተበጊስኻ ንሓደ ሰብ ፈሊኻ ብዘይ ኣገባብ ዝነኣሰ ምትዕንጋድ እንተረኺቡ፣ እዚ’ውን ሰባት ብዘለዎም ዘርኢ ዓሌት ኣመጻጽኣ ወይኻዓ ናይ ቆርበቲ ቀለም ምክንያት ጌርካ ከም ገዛ ንምክራይ እምቢ ማለት ይኸውን።

ከምኡ’ውን ብዓሌታዊነት ፈሊኻ ኣድልወ ዝፍጠር ንኹሉ ሰብ ተመሳሳሊ ዝኾነ ደንቢ ወይኻዓ ፖሊሲ እንዳሃለወ የግዳስ ኾነ ኢልኻ ሰባት ብዘለዎም ዘርኢ፣ ቀለም፣ ናይ ትውሊድ ሓረግ፣ ንዝመጸሉ ሃገር ወይኻዓ ዓሌት ወይኻዓ ናይ ዝመጸሉ ኢሚግራንት ኵነታ ተበጊስኻ እቲ ኩባንያ ነቶም ተቖጸርቲ ኣብ ሥራሕ ቦታ ባርኔጣ ወይኻዓ ናይ ር እሲ መሸፈኒ ኣትይትግበሩ ብምባል እሞ ብሓደሓደ ዘርኢ/ዓሌት ንዝመጹ ሰባት ዘይግቡእ ጸገም ክፍጠር ይኽ እል።

ብናይ ዓሌታዊነት ኣድልወ ፈጠራ ወይኻዓ ጽልዒት እንተበጺሁኻ ቅሬታ ጥርዓን ናብ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ክተእትው ትኽእል። እቲ ቅሬታ ቐሊል፣ ብዘይክፍሊት ብናጻን ተለዋዋጢ ይኸውን።

ኣብ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ናይ ቅሬታ ማመልከቻ ንምእታው ኣብ ድረገጺ: www.humanrights.gov.au/complaints ኣቲኻ ምርኣይ።

### ናይ ሃገራዊ መረዳእታ ኣገልግሎት

ኣብ ኣውስትራሊያ ሰብዓዊ መሰላት ኮሚሽን (AHRC) ብናይ ሃገራዊ መረዳእታ ኣገልግሎት (NIS) ኣቢሉ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሰብዓዊ መሰላትን ኣድልወ ፈጠራ ጉዳያት መረዳእታ ምሃብን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ውልቀሰባት፣ ድርጂታትን ቆጸርቲ ይልእኽ እዩ። እዚ ኣገልግሎት ብዘይክፍሊት ብናጻን ሚስጥራዊ ብዝኾነ መገዲ ይኸውን።

ናይ NIS ክገብሮ ዝኽእል:

- ብናይ ፌደራል ሰብዓዊ መሰላትን ጸረ-ኣድልወ ፈጠራ ሕጊ መሰረት ንናትኻ መሰላትን ሓላፍነታት ምሃብ
- በቲ ኮሚሽን ቅሬታ ጥርዓን ክተእትዉ ከምትኽእል ወይኻዓ ብዘለኻዮ ኵነታ ብኸመይ እቲ ሕጊ ተግባራዊ ከምዝኸውን ምሕባር
- ብኸመይ ቅሬታ ከምተዳልዉ፣ ነቲ ቅሬታ ምላሽ ምሃብ ወይኻዓ ውሱን ብዝኾኑ ኣድልወ ፈጠራ ጉዳያት ምድርዳር ከምዝኻኣል መረዳእታ ምሃብ
- ክሕግዘካ ናብዝኽእል ድርጅት ምልኣኽ

በጃኹም ኣስተውዕሉ፣ NIS ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ኣየዳልውን እዩ።

ን NIS ክተዘራርብ ትኽእል:

- ብስልኪ: 1300 656 419 ወይኻዓ 02 9284 9888
- ብኢሜል: infoservice@humanrights.gov.au
- ብፋክስ: 02 9284 9611
- ብሃገራዊ ምቅብባል ኣገልግሎት: 1300 555 727 (ምዝራብን ምስማእ) ወይኻዓ ብኢንተርኔት-relay.nrscall.gov.au

### ናይ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት

ናይ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት (TIS National) እንግሊዝኛ ንዘይዛረቡ ሰባት ዝውሃብ ናይ ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት እዩ። መብዛሕትኡ TIS ሃገራዊ ኣገልግሎታት እንግሊዝኛ ንዘይዛረቡ ሰባት ብዘይክፍሊት ብናጻ እዩ።

- ብስልኪ: 131 450
- ብድረገጺ: www.tisnational.gov.au

### መማኸርቲን ናይ ኣእምሮ ጥዕና ድሕንነት

ሓዱሽ ግልጋሎት ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓት ኣብ ሰሙን 7 መዓልቲታት ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ከምዝኾነ ብፍላይ’ድማ ብለበዳ COVID-19 ቫይረስ እዋን ንሰባት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝወጸን ንኹሉ ኣውስትራሊያውያን ብዘክፍሊት ብናጻ ይዳለዉ።

ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ክዳለዊ ዝኽእል ብናይ ድረገጺ https://coronavirus.beyondblue.org.au/ ኣቢሉ እዩ።

ንብሕታዊ ዝኾነ ጸገም ከምኡ’ውን ንናይ ኣእምሮ ጥዕና ደገፍ ኣገልግሎታት ብናይ ብዮንድ ብሉ/ Beyond Blue ስልኪ 1800 512 348 ወይኻዓ ብሕወት መስመር/Lifeline ስልኪ 13 11 14 ጌርካ ኣብዝኾነ ግዜ ክተዘራርብ ትኽእል።

ብናይ ሕጻውንቲ ሓገዝ መስመር ብዘይክፍሊት ብናጻ ኣገልግሎት ዕድሚኦም ካብ 5 ክሳብ 25 ዓመት፤ ሕጻውንቲን ንመንእሰያት ብስልኪ 1800 551 800 ጌርካ ኣብዝኾነ ግዜ ክተዘራርብ ትኽእል።